paltalk
Eritrean Room for A Strong United Opposition

**አገዳሲ ሓቤረታ…! ዘተ ምስ ኣሳናዳኢት ኮሚተ ዋዕላ ንደምክርሲያዊ ለውጢ (Part III.)።**

**ዝኽበርኩምን ዝኽበርክንን ደቂ ሃገር፡ ብቀዳምነት ልባዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም።**

እንሆ ን-ቀዳም ዕለት 10. 04. 2010 ዓ.ም.ፈ.፡ ኣካል ኣሳናዳኢት ኮሚተ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ፡ ተጋዳላይ ዶር. በሽር ኢስሃቅ-ን ተጋዳላይ ቀርነልዮስ ዑስማን ኣዶላይ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን (Paltalk)፡ ኣጋይሽ (Eritrean room for Strong and united Opposition) ኮይኖም ከምስዩ ታዓዲሞም ኣለዉ። እዚ “Chat Room“ ዝኽፈተሉ ግዜ፡ ብናይ ብርሊን (Berlin) አቆጻጽራ፡ ሳዓት 20፡00 ክኸውን እንከሎ፡ መደረ ኣጋይሽና ዝጅመረሉ እዋን ካኣ ኣብ ከባቢ ሳዓት 21፡ 30 ክኸወን እዩ። ድሕሪ መደረ ኣጋይሽና ካኣ፡ ነቲ ንሳቶም ዘቅረብዎ ዘዕባ መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ክትዕ ክእቶ እዩ።

ክቡራትን ክቡራንን፡ አሕዋትን አሓትን ደቂ ሃገር፡ እዛ ኣሳናዳኢት ኮሚተ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ካብ ዕለት 16-23. 02. 2010 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ኣኼባ ዝተመርጸት እያ። ዶር. በሺር ኢስሓቅ ከም ኣቦ መንበር ናይዛ ኣሳናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኮይኑ ክምረጽ እንከሎ፡ ቐርነልዮኦስ ዑስማን ኣዶላይ ካኣ ሓላፊ ክፍሊ ዜናን ሓበረታን ማዕከን ኣሳናዳኢት ኮሚተ ኮይኑ። ነዛ ኣሳናዳኢት ኮሚተ ናብ ኣዳራሽ መዛተይን መራኸቢን ብዙሓን (Paltalk) ክትዕደም ዝተደለየ ምኽንያት ካኣ፡ እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ እዚ ክትግበር እንተኾይኑ፡ መለለይኡ ግልጹነት ክኸውን ስለዘለዎ፡ ተሞኩሮኦም ኣብ ዝተገብረ ኣኼባን፡ ናይ መጻኢ መደባትን፡ ምስ ህዝቢ ክዛተይሉ፡ ህዝቢ፡ ኩሉ እቲ ብሸሙ  ዝግበርን ዝካይድ ምንቅስቃሳትን፡ እቲ ሓቂ ክፈልጥን ክሕበርን ናይ ግድን እዩ፡ ካብ ዝብል ዕግበት እዩ።

ስለዚ፡ ክቡራትን ክቡራንን፡ አሕዋትን አሓትን ደቂ ሃገር፡ ከምዚ ዝአመሰለ፡ ብጣዕሚ እዋናውን ኣገዳሲ ዝኾነ፤ ንኽውንነት ህዝብናን ሃገርናን፤ ንኣግባብ ኣቃላልሳ ተቓውሞ ደንበ ዘንጻባርቕ፤ ዛዕባታት፡ ከይሓልፈኩም/ክን፡ ተኻፈልቲ፡ ናይዚ ምሸት ፖለቲካዊ ዘተ እዚ፡ ኮይንኩም/ክን ምሳና ክተምስዩ/ያ፡ ብኽብሪ ንዕድም።።

ብዳሓን ምጽኡ/አ …!!!

ካብ ኤርትራውያን፡ አባላት ናይ ዝተፈላለያ ውድባት/ሰልፍታት፤ በርገሳዊ ማሕበራት፤ ብውልቀ ተቓወምቲ፤ አብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ፓልቶክ (Paltalk)፡ ብዛዕባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፤ ከምኡ’ውን ብአግባብ አቃላልሳናን አቓውማናን፡ እንማያየጥን እንዛተን ደቂ ሃገር። erfsauo@yahoo.com